# NECS-EUROPE

**Network of Eritrean Civil Societies in Europe (NECS-Europe)**
C/0 Eritreans for Peace and Democracy – P.O.Box 401 - 1214 Vernier – Geneva – Switzerland – necs_europe@yahoo.com

## መርበብ ሲቪካውያን ኤርትራውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ
## ጋዜጣዊ መግለጺ

መርበብ ሲቪካውያን ኤርትራውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ ብኣጋጣሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰብኣዊ መሰላት ዕለት 9 ታሕሳስ 2005 ኣብ ከተማ ብራስልስ በልጁም ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዱ። ምሉእ ምትሕብባር ኣባላት ውደባት ኤርትራዊ ደማክራሲያዊ ኪዳንን (ኤደኪ) ብሓፈሻ ደንበ ተቓውሞን ተሳታፍነት ኣባላቶምን ዝነበሮ ዕውት ፍጻሜ ኔሩ ክንብል ንደፍር።

ዕላማቲ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ነቲ ጨካን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብስርዓት ኢሳያስ ዝፍጸም ዘሎ ንዓለም ንምግላጽን፡ ኣውያት ህዝብና ንምብጻሕን እዩ ኔሩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ምስ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ብምርኻብ፡ ህዝብና ካብዚ ወሪድዎ ዘሎ መዓት ንምድሓን ንሕብረት ኤውሮጳ ጻውዒት ንምግባርን፡ ብወገን ሕብረት ኤውሮጳ ክግበር ዝኽእል ንምድህሳስን ምርድዳእን ዝዓለመ እዩ ኔሩ።

ነዚ ንምትግባር ከኣ ምስ ሓለፍቲ ካቢነታት ናይ፡ ጆዘ ማንወል ባሮዞ ፕረሲደንት ኮምሽን ሕብረት ኤውሮጳ ፡ ሉዊስ ሚሸል ኮምሽነር ልምዓትን ሓገዛትን ፡ ቢነታ ፋል ቫልድናር ኮምሽነር ወጻኢ ጉዳያት ፡ ኻቭየር ሶላና ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ኤውሮጳ ፡ ጆዘፍ ቦረል ፎንትነል ፕረሲደንት ባይቶ ኤውሮጳ ፡ ርክባት ተጌሩ።

ኣብቲ ርክባት ብወከልቲ ሲቪካውያን ማሕበራትን ኤደኪን ክልኣት ተቓወምቲ ውድባትን ዝቖመ ልኡኽ ተኻፊሉ። ውጺኢታዊን ጽቡቕ ናይ ምርድዳእ ሃዋህው ከምዝነብረን ተፈሊጡ። እቲ ልኡኽ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ብስምምዕ ኮቶኖ መሰረት፡ ሰብኣዊን ፓለቲካውን መሰላት ህዝብና ንኸኽብር ሕብረት ኤውሮጳ ዝግባእ ጸቕጢ ክገብረሉ ሓቲቱ። ክሳብ ሕጂ ብወገን ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ክግበር ዝጸንሔ ጸቕጢ እኹል ከምዘይኮነን፡ ብዝያዳ ድልየት ዝተሰነየ ፓለቲካዊ ጸቕጢ ከምዘድሊ ህልው ኩነታት ሃገርና ዝጠልቦ ዘሎ ጉዳይ ምኻኑ ልኡኽና ሓቢሩ። ሕብረት ኤውሮጳ ብወገኖም ብናይ ዓለም ለኻዊ ስምምዓትን ሕግታትን መሰረት ዝግባእ ጻዕሪ ካብ ምግባር ክቑጠቡ ከምዘይኮኑን ኣብዚ ሓጺር ግዜ ዝውሰድ ስጉምቲታት ከምዝህሉን ነቲ ልኡኽ ኣረጋጊጾምሉ።

ጉዳይ ዶብ ምስ ኢትዮጵያ ብዝምልከት ልኡኽና እቲ ሕጋዊ ውሳኔ ብዘይቅድመኩነት ቅቡል ክኸውን ከምዘለዎን ኣብ ኣተገባብራ ደማ ብሕጋውን ሰላማዊን መንገዲ ጥራሕ ክፍጸም ከምዘለዎን እምነቱ ገሊጹ። ጉዳይ ዶብ ከኣ ብምንም ምኽንያት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ምሕንካል ደሞክራሲያዊ መስርሕን ክኸውን ከምዘይክእልን ከምዘይግባእን ኣብሪሁ።

ኣብ ጉዳይ ዶብ ይኹን፡ ብሓፈሻ ኣብ ገምጋም ኩነታት ሃገርናን ሓደገኛነቱን ኣብ ሞንጎ ሕብረት ኤውሮጳን ዘቕረብናዮ ገላጻን ሰነዳትን ፍልልይ ከምዘይነበረ ክንርዳእ ኪኢልና። ብተወሳኺ ሲቪካውያን ማሕበራት ክሕይላ ድሌቶም ከምዝኾነን ሓደ ካብቲ ኣገደስቲ ረቓሒታት ውሕሰነት ንሰላምን ደሞክራስን ምኻነን ከምዛኣምኑን ሓገዛቶም ክልግሱ ቅሩባት ምኻኖምን መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣረዲኦም።

ኣብ ኩሊቲ ርክባት ደብዳበን ብመርበብ ሲቪካውያን ማሕበራት ዝተዳለወ ኩነታት ሃገርና ዝገልጽ እዋናዊ ጸብጻብን ልኡኽና ኣረኪቡ።

ተኻፈልቲ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ስኩየር ፍረር ኦባን ክሳብ ተካላት ሕብረት ኤውሮጳ ዝርከበሉ ቦታ ጭርሖታት እንዳጨርሑ ኣስማት ናይ ኣብ ዓዲ ኣብየቶ ዝተቐትሉ ዜጋታት ዝሓዘ ምልክታዊ ቃሬዛ ተሰኪሞም ብፓሊስ ተዓ ጂቦም መሪሸም። ኣብ ቅድሚ ትካላት ሕብረት ኤውሮጳን ኤውሮጳዊ ኮምሽን ብፍላይ፡ ኩሉ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታት ኣቃሊዖም።

ሰላማዊ ሰልፊ ልክዕ ስዓት 11h30 ተበጊሱ ስዓት 14h00 ተወዲኡ። ርክባት ምስ ሓለፍቲ ሕብረት ኤውሮጵ ድማ ካብ ስዓት 9h30 ክሳብ ስዓት 15h00 ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ጽሕፈታትን ስዓታትን ተኻይዱ። ኣብዚ ንሓድነት ደንበ ተቓውሞ ኣብነታዊ ዝነበረ ሰላማዊ ሰልፊ ልዕሊ 300 ዝኾኑ ኤርትራውያን ተኻፊሎም።

መርበብ ሲቪካውያን ኤርትራውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኤርትራውያንን ፈተውቲ ኤርትራን ሰላማዊ ሰልፊ ብግቡእ ንኽካየድ ዝሓገዙ የመስግን።

መርበብ ሲቪካውያን ኤርትራውያን ማሕበራት ኣብ ኤውሮጳ
ኣዋሃዲ ሽማግለ
10 ታሕሳስ 2005